# ሓተታ

## ህልው ኩነታትን ኣንፈት ብሩህ መጻእን

ህልው ኩነታትና፡ ካብ ሕሉፍ ኩነታትና ዝተነጸለ ኣይኮነን። እቲ ሕሉፍ ንብሎ፡ ነዚ ህልው ዝወለደ፡ ኣብ'ዚ ህልው ዘሎ'ምበር፡ ኣሰር ከይገደፈ ዝሓለፈ ኣይኮነን። መጻኢ'ና፡ መጻኢ ኩነታትና ድማ፡ ውልዶ ሕሉፍናን ህልውናን'ዩ። ብሓጺሩ፡ ህልው ኩነታትና ውጽኢት ናይ'ቲ ትማሊ ዝሓለምናዮ፡ ዝወጠንናዮ፡ ዝሰራሕናዮ፡ ዝረሃጽናዮ፡ ዝተጋደልናዮ፡ ዝመከትናዮ፡ ዝመሃዝናዮ፡ ዝተመሃርናዮ፡ ዝተወደብናዮ፡ ዝሰመርናዮ፡ ዝሰንከልናዮን ዝተሰዋእናዮን'ዩ። ንመጻኢና ዝውስኖ ድማ፡ ሎሚ ሃንቀው ንብሎ፡ ንትልሞ፡ ንኹስኰሶ ሃገራውነት፡ ነደልድሎ ሓድነት፡ ነስጥሞ መሳርዕ፡ ንሃንጾ ትካላት፡ ንመሃሮ፡ ንቐስሞ ሞያ፡ ንውደቦ፡ ንነጥፎ፡ ንምክቶ፡ ንጋደሎ፡ ንጽዕቶ፡ ንሰንክሎን ንኸፍሎ መስዋእትን ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣብ'ዚ መረዳእታ'ዚ ዝተሰረተ፡ ቀንዲ መግለጺታት ህልው ኩነታትና'ሞ እንታይ'ዩ?`

1. ኤርትራ፡ ሎሚ ናጻ ልኡላዊት ሃገር'ያ። ከም ናይ ብዙሓት ንማለቱ ዘይኮነስ፡ ሓቀኛ ናጽነትን ልኡላውነትን ዘለዋ ሃገር'ያ። ናጻ ፖለቲካዊ መስመር ትኽተል፡ ብምጽወታ ዘይኮነስ ኣብ ነብሳ ተመርኲሳ ትሓድር፡ ክብረታን ክብረት ህዝባን ትሕሉ፡ ንነብሳ ብብቕዓት ትከላኸል'ምበር - ዘይተድፍር'ያ።

2. ኤርትራ ናይ ህዝባ ሓድነትን ስኒትን ዘለዋ ሃገር'ያ። ካልኦት ሓድሕዶም ኣብ ዝዋጠጡሉ፡ ዝናቖቱሉን ዝቃተሉሉን፡ ህዝቢ ኤርትራ ሓባራዊ መንነቱ ኣዕሚቑ፡ ብዙሕነቱ ኣኽቢሩን ኣስተማቒሩን፡ ሓድነቱ ኣደልዲሉ፡ ብሰላምን ስኒትን ይነብር ምህላዉ፡ ዓቢ ዓወትን ምንጪ ሓይልን'ዩ። ሳልኡን ሳላ'ቲ ዝተኸሎ ንኹሉ ዜጋ ብዘይኣፈላላይ ብሓደን ብማዕርነትን ዝርኢ ኣብ ዜግነት ዝተመርኰሰ ፖለቲካዊ ስርዓትን ኣብ መንጎ ውድብን መንግስትን ህዝብን ዘሎ ሓድሕዳዊ ምትእምማንን፡ ኤርትራ ዘቤታዊ ሰላም ዝሰፈና፡ ሕግን ስርዓትን ዝኽበረላ፡ ህዝቢ ወፊሩ ዝኣትወላ ሃገር'ያ።

3. ኤርትራ ሃገር ማሕበራዊ ፍትሒ ድማ'ያ። ኣብ ነዊሕ ታሪኽ ዝተፈጥረ ዘይምድልዳል ኣብ መንጎ ህዝብን ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገርን ገና'ኳ እንተሎ፡ ኤርትራ መትከል ማሕበራዊ ፍትሒ ኣጽኒዓ እትኽተል፡ ንኹሎም ዜጋታት ማዕረ ዕድላት ንምፍጣር እትጽዕት፡ ንምዕሩይ ምዕባለን ኣገልግሎታትን ኣብ ኩሉ ከባቢታት እትሰርሕ፡ ድሒሩን ተሃስዩን ንዝጸንሐ ክፋል ህዝብን ከባቢታትን ቀዳምነት እትህብን ጋግ እተጽብብን ሃገር'ያ። እዚ ድማ፡ ሓደ ጽኑዕ መሰረት ሰላማን ርግኣታን ናይ ህዝባ ስኒትን ኢዩ።

4. ኤርትራ ብሰንኪ ኵናትን ተጻብኦን፡ ማዕረ ህዝባውን ባህርያውን ጸጋታታ፡ ብመጠን'ቲ ዝሓለነቶን ዝተበገሰቶን ኣብ ህንጸት ቁጠባን ምምሕያሽ መነባብሮ

ህዝባን ክትግስግስ ዕድል ዝተነፍጋ ሃገር'ያ። ምስናይ'ዚ ግን፡ ዝርካቡ ትሕዝቶኣ ብኣገባብን ኣብ'ቲ ቀዳምነት ዝወሃቦ ዓውድታትን እተውዕል፡ ካብ ረድኤት ከይተጸበየት ህዝባ እትዕንግል፡ ንህዝባ መሰረታዊ ኣገልግሎታት እንተላይ ትምህርትን ሕክምናን ብዓቕማ እተቕርብ፡ ሰፊሕ መደባት ማሕበራዊ ደገፍ ንህዝቢ ዘለዋ፡ ንዘተኣማምን ዕብየት ቁጠባ ድልዱል መሰረት ልምዓት ክትሃንጽ ዝጸንሐት፡ ድሕሪ ናይ ዝሓለፈ ዓመታት ዕዉት መኸተን ዘንጸፈቶ ባይታን ናብ ልምዓት ኣተኵራ ዘላን ከም እትዕወተሉ እትተኣማመንን ሃገር'ያ።

5. ዘለናዮ ግዜ፡ እዋን - ዓቢ ወፍሪ ዝግበረሉ ረቂቕን ሓደገኛን ባህላዊ ወራርን ስነ􀍈ኣእምሮኣዊ ኵናትን'ዩ። መንነት ህዝብታት ንምድኻም፡ ክብርታት ንምፍሓቕ፡ ነውርታት ንምስላኹን ንምዝርጋሕን፡ ሓበንን ነብሰ-ምትእምማንን ንምብሕንግ፡ ጽገዕተኛነትን ተንበርካኽነትን ንምዝራእ፡ ሕብረተሰባት ሓድነቶም ኣማህሚንካ ንምግምማዕን ንምንቛትን ንምትህንኳትን ዝዕላምኡ ሰራም መጥቃዕቲ። ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ግን፡ ሽሕ'ኳ በዚ ወራር'ዚ ኣይትንከፉን'ዮም እንተዘይተባህለ፡ መንነቶም፡ ሃገራውነቶም፡ ክብርታቶም፡ እምነታቶም፡ ቋንቋታቶምን ባህልታቶምን ኣጽኒዖምን እናኣሐየሉን ይኸዱ ምህላዎም፡ ንዘላቒ ምዕባለ ሃገርና ተወሳኺ ውሕስነት ዝኸውን'ዩ።

6. ኤርትራ ናይ እንዳማታ መሬት ዘይትጥምት፡ ናይ ካልኦት ናጽነትን ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን እተኽብር'ምበር ዘይትጥሕስ፡ ብመንጽሩ ድማ፡ ንነብሳ ንምክልኻል ናይ ማንም ፍቓድ ዘይትሓትትን ናብ ዝኾነ ቁሊሕ ዘይትብልን ሃገር'ያ። ብዙሓት ዘይሕሰብ ዝቼጸርዎ ናጽነታ ዝጨበጠትን ልኡላውነታ ዘውሓሰትን ብገዛእ ዓቕማ ምኳኑን ዘድሊ ብቕዓት ከምዘለዋን ብተደጋጋሚ ዝተረጋገጸ'ዩ።

7. ኤርትራ፡ ኣብ ፈለማ መሰላ ንናጽነት ብዓበይቲ ሓይልታት ዓለም ዝተሓረመት፡ ንዓሰርታታት ዓመት ግዳይ ዝርያን ተጻብኦን ቅሉዕ ወራርን ዝኾነት ሃገር'ያ። ሎሚ'ውን፡ ካብ ሓሳድን ተጻባኢን መሊኣ ኣይተናገፈትን፡ ድሕሪ 80 ዓመትታት ናጻ መስመራ ዘይተዋሕጠሎም ዓበይቲ ሃገራት ኣለዉ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ዝምድናታታ ኣብ ዝሓሸ ቦታ ትርከብ። መሓዙታ፡ መሻርኽታ፡ ምስኣ ጽምዶ ዘለዎም ሃገራትን ሓይልታትን ትካላትን እናበርከቱን ሃናጺ ተራኦም እናወሰኹን ይኸዱ ኣለዉ። ኣብ'ዚ ግንዛበ ዝሓትት ክልተ ነገራት ምልዓል ኣገዳሲ'ዩ። ህልው ኩነታት ኤርትራ፡ ሓደ ካብቲ ካልእ ፈሊኻ ዝርኣን ዝተነጻጸለን ዘይኰነስ፡ ንሓድሕዱ ዝመላላእ፡ ውህደት (ሲነርጂ) ፈጢሩ ድማ ካብ ተራ ድምር ናይ ነፍስ-ወከፍ ዝዓበየ ሓይልን ኣድማዕነትን ዝፈጥር'ዩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ናይ'ዚ ሸውዓተ መምዘኒታታ፡ ኤርትራ 'በቃ ዘበለት'፡ ጕድለትን ድኻምን ዘይብላ ኣይኰነትን። ከምኡ ዝበሃል ነገር፡ ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ዝኾነ ሃገር'ውን ስለዘየለ። እቲ ካብ ህዝብን

**ግንባርን መንግስትን ዝሕተት ድማ፡ ነቲ ሓያል ሸነኽ እናሓለኻን እናኣሐየልካን፡ ነቲ ድኻምን ኣበርን ንምውጋድ ከይተሓለልካ ምስራሕ'ዩ።**

**ሓዳስ ኤርትራ**

8 ግንቦት 2024